# ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ውርሻ ቃልሲ ንግደት ዝኽሪ!

**ኤርትራውያን ነበርቲ ሚላኖን ከባቢኣን**
**ዝኽሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ብዓወት ንምጽምባል**
**ድልውነተን ንዝበረኽ መኸተ ኣረጋጊጸን**

ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሚላኖ፡ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስ ብዕለት 25 ግንቦት 2014 ኣብ ከተማ ሚላኖ ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረ-ኮም ሚላኖ ምስ ነበርቲ ኤርትራውያን ተቓለስቲ ሓርበኛታት ኣደታትን ደቂኣንስትዮን ነበርቲ ሚላኖን ከባቢኣን ፍሉይ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስ ንተሳተፍቲ ንህልው ኩነታት ሃገር ኣመልኪቱ መንግስትን ህዝብን ሓይልታት ምኽልኻሉን ሃገር ንምህናጽን ንምልማዕን ንዘካይዶም ንዘሎ ዓበይቲ ናይ ቁጠባን ልምዓትን መደባት ብምሕባር፡ ጠቕላሊ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ኤርትራ ኣብ ቆንስላውን ኮማውን ጉዳያት ንዝተዓመ ኣብ ቀጻሊ ከዕመሙ ተወጢኖም ዘለው ዓበይቲ መደባትን ዕማማትን ብምዝርዛር ዜጋታት ብሓፈሻ ሓርበኛታት ኣደታት ድማ ብፍላይ ኣብ'ዚ መደባት እዚ ስሉጥን ጽፉፍን ኣሳልጦ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ንኽረክቡ መደብ ተታሒዙ ምህላው ኣረጋጊጹ።

ኣስዒቡ ማሕበረኮም ሚላኖን ከባቢኣን ጽላል ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ምዃኑ ብምጥቃስ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራዊ ኮምን ሃገራውነትን ክዕምቡብ፡ መኸተ ብኩሉ እንትንኡ ክሕይል፡ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ከኣ ኣብ ማሕበረ ኮማት ተወዲቡ ኣባልነቱ ዝያዳ ከዕዝዝ ንምሕያል ወዳበን ዕማማትን ማሕበረ ኮማት ከኣ ወዳቤና ኣሕይልና ንጥፈታት ከነካይድ ከምዝለና ኣዘካኺሩ።

ንዝኽሪ ጽንብል 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ኣመልኪቱ ድማ፡ ከተማ ቦሎኛ ማእከል ጥምረትን መኸትን ኤርትራውያን ተቓለስቲ ምንባራ ብምሕባር፡ ብዝተፈለለየ ምኽንያት ናብ ስደት ዘምርሐ ዝነበረ ኤርትራውያን ብሓያል ወዳቤን ምንቅስቓስን ተሳትፎኦ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ንናጽነት ንምርግጋጽ ልዑል ኣበርከቶን ተወፋይነትን ከምዝነበሮ፡ ነቲ ካብ ዕለት 4-6 ሓምለ 2014 ዝካየድ ዝኽሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል ኣብ ኢጣልያዊት ከተማ ቦሎኛ ብልዑል ሜዕርግን ወዳቤን ንኽካየደ ሓይሊ ዕማም ፈስቲቫልን ኣባላት ማሕበረ ኮማትን ኣብ ከቢድ መደባት ተጸሚዶም ብልዑል ወኒ ይስርሑ ከምዘለው ክካየድ ዝጸንሐ ሰፊሕ ምድላዋት ኣብ ምጽፋፍ ከምዝርከብ ሓቢሩ። ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት ብዘረጋግጽ መትከል ዝተኸስኩሳ ደቂ-ኣንስትዮ ተቓለስቲ፡ ወልቃዊ ዕድላተንን ጸጋታትን ድሕሪ ሃገር ብምስራዕ ንዓወት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ስወአኡን ኩሉ ዝከኣለን ከምዝገበራን፡ ፈስቲቫል ቦሎኛ ድማ ምስ ተቓለስቲ ኤርትራውያን ኣደታት ፍሉይ ታሪኻዊ ምትእስሳር ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣኼበኛታት ዝኽሪ ማብል 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ፈስቲቫል ቦሎኛ **"ወርሻ ቃልሲ፡ ንግደት ዝኽሪ"** ምዃኑን ኣካል ናይቲ በብእዋኑ እናካይዶ ዘለና ሓያል መኸተን ወዳቤን ምዃኑ ብምዝኻር፡ ዝኽሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ንምምዕራግን ንምድማቕን ለሚውን ከም እዋን ቃልሲ ኩሉ ካብኣን ዝሕተት ዘበለ መደባትን ዕማማትን እጆግኣን ሰብሲብን ብድምቐት ንምጽንባሉ መንፈስ መኸተ ፈስቲቫል ቦሎኛ ዓጠቐን ብዓወት ብምኽያድ ድልዋትን ዕጡቓትን ምህላወን ዳግም ብሓይላ መንፈስን ወኒን ኣረጋጊጸን።

**ዓወት ንሓፋሽ !!**
**ኮሚቴ ሚድያን ዲፕሎማስን**
**ማ/ኮም ኤርትራውያን**
**ኣብ ኢጣልያ**
**26 ግንቦት 2014**

# ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ውርሻ ቃልሲ ንግደት ዝኽሪ!
































